ደርሆን ሒዝኪ ንዒ፡ ኢሎም ተላበውዋ። ንሳ'ውን ከማኡ ገበረት። ወዮም ዓዲ ምስ ወረሩ ሰብ ኣይረኸቡ ከፍቲ ኣይረኸቡ ነንዓዶም ፋሕ በሉ። እቱ ኣርሓ ክሓልፍ ክሎ ብምንጕዳኡ ዘርከባ "ኣርከባ" እተብሃለት ኣውሊዕ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ሰካራ (ሳካራያ) እትበሃል ቦታ ጥቓ ካፍና ኣላ ይበሃል። "ኣዉር ኮርማህ ኣለለ ኣላዕቶ" (ብሳሆ "ሽዶን ብምንጕዳኡ ዘርከባ ኣውሊዕ" ማለት ኢዩ)። በዓል ሡመ ካፍና ገና ብዱር ተሸፊኑ ስለዝነበረ ርሑቕ ዓዲ ይመስላቶም ነበረ፤ ናብ ከባቢ ካፍና ምቕራቦም ምስኣረጋገጹ ግን "ካፍና ኣብዙ ኣፍና" ቢሎም እናተሓጕሱ ናብ ካፍና ኣተዉ። እቱ ኣርሓ ኣሲሮም ዝገደፉሉ ዓዲ ከዓ ብዙ ምክንያት'ዙይ "ምእሳር ኣርሓ" ("ምሳርሓ") ዝብል ስም ኂዙ ተረፈ[22]።

ሠለስተ ኣኅዋት ኣብ ካፍና ብዙኅ ጊዜ ከምዝጸንሑ ይንገር። እንካብኡ ፍልልይ ኮነ።

**ሓነከ** ፡ እንካብ ካፍና ቀዳሞት ደቂ ወረደምሕረት ናብ እተወለዱሉ ፅራዕ ክልተ ኣውላዕሎ ተመሊሱ ገሊኦም ዘርኡ ኣባኡ ይርከቡ፤ ገሊኦም ዘርኡ'ውን ኣብ ላዕሊ ከምዝተጠቐሰ ኣብ ላምዛ ኣለዉ ይበሃል[23]።

**ሰንበታይ** ፡ ኣብ ኤርትራ መስሓል ወደከለ ተዋሲቡ ኣብ ሃዘሞ ተረፈ። ሰንበታይ እንካብ ኣቕሓረት ዝወለዶም ፯ተ እገላ ዝበሃሉ ደቁ እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡-

1. ለይታይ - ዘርኡ ኣብ ዓደቀለይቶ ዘለዉ ዝፈረየ፤
2. ሮይ - ንሰብ ብዘት ዝፈረየ፤
3. ኖይ - ሰብ ደጕዛይ ዝፈረየ፤
4. ሮብ - ፫ተ ወሊዱ፡ ጕዕዳድ - ደቂ ዓጽማይ ዝወለደ፣
ሰሊባ - እገላ ማይ ኆፃ ዝወለደ፣

[22] Carlo Conti Rossini, Studi su Popolazioni dell'Etiopia, Casa Editrice Italiana, Roma, 1914, ገጽ 22 ርኣ.
Letture Amhariche, Bruno Ducati, Roma, 1938,ገጽ 38-40 ርኣ፣
Bruno Ducati ካብ La Leggenda Degli Irob, Edito da Carlo Conti Rossini ዝቐድሖ እዩ።

[23] C. Rossini, Al Rágali, ገጽ 60። C. Rossini, Studi su Popolazioni dell'Etiopia, ገጽ 872 ረኣ።



ኃየት - ሰብ ሮብራ ዝወለደ፤

5. እገላ ሓመስ - ኣብዛ ብስሙ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ንዘለዉ ሕዝቢ ዝፈረየ፤
6. እገላ ደገብስ - ኣብዛ ብስሙ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ዘለዉ ዝፈረየ፤
7. እገላ ሓፂን - ኣብዛ ብስሙ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ዘለዉ ዝፈረየ። ናይዞም ሸውዓተ ከምዙይ እንከኸውን፡ ሻምናዮም ከዓ ካብ ኣገልጋሊቱ ዝወለዶ ኣድመቖም ዝበሃል - ንኮርባርያ[24] ዝፈረየ ኢዩ።

**ሡመ** ፡ ሠለስተ ወለደ፤ እንካብ ለተሓዋርያት ሱባይቶን ሱባልሳን፣ ከማኡ'ውን ሰንበታይ ኃዉ ኣብ ዓዲ ኣቕሓረት ሰበይቱ ኣብ መስሓል ወደከለ ተቐሊቱ ብዙኅ ከፍቲ ስለዝረኸበ ምስ ከፍቱ ናብ ቆላ ሃዘሞ ወሪዱ እንከሎ ገበል ነኺሱዎ ሙማቱ ምስ ሰምዔ፣ ሡመ ናብቱ ዓዲ ከይዱ ነቕሓረት ሰበይቲ ኃዉ ብዋርሳ[25] ከእትዋ ደለየ። ንሳ ግን ንሰንበታይ ዝቐተለ ገበል እንከይቐተልካ ኣይትወርሰንን በለቶ። ሡመ ንኃዉ ዝቐተለ ገበል ኣርእዩኒ ቢሉ ምስ ኣርኣዩዎ፡ ኣብታ ንሱ ዝኣትዋ ጕድጓድ ኣቲዩ ሰይፊ ኂዙ ተሓብአ፤ ሓደ ማሕሲእ ኣብታ ርእሲ ጕድጓድ ኣሰረ። ዎገበል በረኻ ውዒሉ ናብ ሠፈሩ ክምለስ ክሎ እቱ ማሕሲእ ክንቁ ኸሎ ሰምዐ፤ ረኺቡዎ ክበልዖ እንከሎ ሡመ ንቱ ገበል ብሰይፊ ክሳዱ በተኾ። ከምዙይ ኣቢሉ ሕነ ኃዉ ምስ ፈደየ፡ ነቕሓረት ኣእተወ[26]። እንካብኣ ከዓ ንትእዛዝ "ወዲ እንኮ-ለይቶ"[27] ወለደ።

[24] "ኮርባርያ" ኣብ ጥቓ ደቀምሓረ እትርከብ ዓዲ ኢያ።

[25] ልማድ "ዋርሳ" ("Levirate marriage law")፡ ሓደ ሰብኣይ ተባዕታይ ውሉድ ከይገደፈ እንከሞት እንካብ'ታ ሰበይቱ ኃው-ሰብኣያ ወይ ኣቦ-ሰብኣያ ኣእቲዩ ክወልደላ ከምዝክኣል ዝሕብሩ ገለ ገለ ልማዳት ከምዝነበሩ ኣብ ብሉይ ኪዳን ንረክብ፤ (ዘፀኣት 38፣ ዘዳግም 25:5-10፣ ዘሩት 4)። እዙይ ግን ሓልሓሊፍካ እቱ ልማድ ከምዝነበረ ምሕባር ኢዩ'ምበር ብሕጊ እግዚኣብሔርን ብመጽሓፍ ቅዱስን ክልኩል ተግባር ምዃኑ ምስትውዓል የድሊ።

[26] C. Rossini, ገጽ 877። Letture Amhariche con Trascrizione e Traduzione, ገጽ 36-46 ርኣ።

[27] ኣቕሓረት፡ (ብዋርሳ) ከእትዋ ዝደለየ ንቱ ንሰንበታይ ዝቐተለ ገበል ክቐትል ዝኸኣለ ኢዩ ምስ በለት፡ ሡመ ሒነ ሰብኣያ ገበል ቐቲሉ እንኮ ለይቲ ምሳኣ ሓዲሩ ናብ ዓዱ ተመልሰ፤ ብኣጋጣሚ ምስ ጠነሰት ትእዛዝ-ኣምላኽ ኮይኑ ኢላ "ትእዛዝ" በለቶ፣ ሡመ ከዓ ካብ ሻዓ ለይቲ ስለዘይተመለሳ "እንኮ-ለይቶ" በሎ፤ ስለዙይ "ትእዛዝ" ወይ "እንኮ-ለይቶ" ብዝብል ክልተ ስም ክጽዋዕ ክኣለ።